# ፈስቲቫል ኤርትራ 2008 ኣብ ኢጣልያ ብዓወት ተዛዚሙ።

## ረፖርታጅ።

እቲ ብዓርቢ 24 ጥቅምቲ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ናይ መኸተ ኒሕን ዝጀመረ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ሮማ ኢጣልያ ፡ ትማሊ ሰንበት 26 ጥቅምቲ 2008 ብልዑል ድምቀት ተዛዚሙ።

እዚ ንሰለሰተ መዓልቲ ዝተኻየደ ውዕዉዕ ሃገራዊ ፈስቲቫል ፡ ኣብ ቀጽሪ **Teatro Tendastrisce** ዝተባህለ ዓቢ ናይ መዘናግዒ ትካል ፡ ብዝተፈላለዩ ጭርሖታት ማለት "ኣብ ምውሓስ ሃገር ዝተራእየ ኒሕ ፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት እውን ክንደግሞ ኢና" : "ሓደ ህዝቢ ፡ ሓደ ሃገር ፡ ሓደ ዕላማ" ፡ "ወፍሪ ሎሚ ራህዋ መጻኢ" ዝብልን ብሃገራዊ ባንዴራን ዝተፈላለየ መማዕረጊ ስልማትን ዝተወቀበ ኣደራሽ እዩ ክካየድ ቀንዩ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ባህሎምን ሓድነቶምን ንምርግጋጽን ንምሕያልን ካብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኢጣልያ ማለት ካብ ሚላኖ ፡ ሮማ ፡ ቶሪኖ ፡ ቦሎኛ ፡ ብረሻ ፡ ባሪ ፡ ናፖሊ ፡ ካታንያ ፡ ተራሞ ወዘተ... ዝመጹ ልዕሊ 2 ሽሕ ኤርትራውያን ክሳተፉ ከለዉ ብርክት ዝበሉ ኢጣልያውያን ፈተውትን መሓዙትን ኤርትራ ዝተሳተፍዎ ምዕሩግ ፈስቲቫል እዩ ኔሩ።

ኣገባብ መኽፈቲ ፈስቲቫል ኣዝዩ ብልዑል ጽፈትን ኣገባብን ዝተዳለወ ኮይኑ ፡ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ሃገረ ኤርትራ ፡ ብኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ፡ ብዝተፈላለዩ ኣባላት መንግስትን ግንባር ፡ ከምኡ'ውን መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራውያን ማሕበራት ኣብ ኢጣልያ ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣቦታትን ኣዴታትን ህጻናትን ብድሙቕ ጓይላ ተሰንዩ ፡ ሪበን ብምቑራጽ እዩ ብወግዒ ከፊትዎ ፡ ነቲ ፈስቲቫል ንምምዕራግ ፡ ብኢጣልያውያን ኣዕሩኽቲ ዝተዳለወ ስእላዊ ምርኢት ከኣ እንዳዞረ ተዓዚቡ።

ስዒቡ ንኽብሪ እቲ በዓል ዝተዳለወ ናይ ሻምፓን ምኽፋትን ባህላዊ ሳዕሲዕትን ነቲ ናይ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ልዑል ድምቀት ወሲኹሉ። ኮሚተ ፈስቲቫል ንዕዱማት ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽታን ንመደባትን ትሕዝቶን ፈስቲቫል ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ ፡ እዚ ፈስቲቫል ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰሚናራት ፡ ሰሓብትን መሃርትን ዝኾኑ ብፍላይ ናብ መንእሰያት ዘተኮሩ መደባት ከምኡ'ውን ናይ ስፖርትን ባህልን ንጥፈታት ዘጠቓልል ሰፊሕ መደባት ዝሓዘ ምዃኑ ገሊጻ።

## ሰሚናራት።

መደብ ሰሚናራት ብናይ መንሰያትን ሃማደኤን እዩ ጀሚሩ። ሰሚናር ሃማደኤ ብወ/ይ ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪኒዳድ) ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ዝተኻየደ ፡ ኩለን ሓለፍቲ ጨንፈራት ሃማደኤ ኢጣልያን ብዙሓት ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ዝመጻ ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳተፍኦ እዩ ነይሩ። ዕላማ ናይ'ቲ ሰሚናር ብመጀመርታ ፡ ኣብ ምልውዋጥ ዓመታዊ ተመኩሮታት እቲ ማሕበር ዘተኮረ ዘተ ክኸውን ከሎ ፡ ኣብ ርእሲኡ ናይቲ ብሃገር ደረጃ ከም ሃማደኤ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ከተግብሮኦ ከም መደብ ሒዘን ዝሰርሓሉ ዘለዋ ሓደ ሓደ ፕሮጀክትታት በብከባቢኤን ጸብጻባተን ኣቕሪበን። ናይ ዝመጽእ መደባት ስርሐን ከኣ ሓንጺጸን።

ስዒቡ ዝተኻየደ ሰሚናር ናይ መንእሰያት እዩ ኔሩ። ናይ ሎሚ ዓመት ሰሚናር መንእሰያት ፡ ብሓፈሽኡ ከኣ ኣብ ፈስቲቫል ኢጣልያ 2008 ኣገዳስን ዓብላልን ኣርእስቲ ዝነበረ ፡ እቲ ኣብ 2009 ኣብ ኢጣልያ ክካየድ ተወሲኑ ዘሎ 5ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ እዩ ኔሩ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምስ ሓለፍቲ ማሕበርን ብሓፈሽኡ ኸኣ ምስ መንእሰያት ኢጣልያ ንምዝታይን ተመኩሮታቶም ንምግላጽን ፡ ሓንቲ ሽዱሽተ ዝኣባላታ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤውሮጳ ዝተዋጽኡ መንሰያት ዝርከብዋ ጉጅለ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺባ ዝተፈላለዩ ኣኼባታት ብምክያድ ፡ ንኣገዳስነትን ዕላማን እቲ ዋዕላ ብምግላጽ ኣብ ዝሓለፉ ዋዕላታት ዝተጠርየ ተሞክሮታትን ብሰፊሑ ነቶም ሎሚ ዓመት ነዚ ሓላፍነት ተረኪቦም ክሰርሑሉ ዝዳልዉ ዘለዉ መንእሰያት ኢጣልያ ኣካፊሎሞም። እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ ከኣ ብዓይነቱን ብዝሒ ተሳተፍቱን ካብቶም ዝሓለፉ ፍሉይ ክኸውን ዘድሊ ጻዕርን ተሳታፍነት ኩሎም ጉዱሳት ሃገራውያን ተቐማጦ ኢጣልያ ዝሓትት ምዃኑ ኣብቲ ሰሚናር ተገሊጹ። ስዒቡ ድሕሪ እዚ ናይ ዘተ እዋን ፡ ጀንራል ስብሓት ኤፍሬም ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቡ ኣዝዩ ኣገዳስን መሳጥን ዝኾነ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ንተሳተፍቲ መንእሰያት ሂቡ።

ካብዚ ናይ ሰሚናራትን ናይ ስፖርት መደባትን ስዒቡ ፡ ብኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ዝተዳለወ ኣምባሳደራትን ስበ ስልጣን መንግስቲ ጥልያን ኢጣልያውያን መሓዙት ኤርትራን ዝተሳተፍዎ ፍሉይ ናይ ምሳሕ ግብጃ ተኻይዱ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናይ ቀዳም ዕለት 25/10/2008 እቲ ኹሉ ተሳታፋይ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ዝነበረ ፡ ሰሚናር ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም እዩ ተኻይዱ። ነቲ ኣብ ሓፈሻዊ እዋናዊ ኩነታት ሃገር ዘተኮረ ሰሚናሩ ንምጅማር ፡ ጀነራል ስብሓት ፡ እዚ ዘሎናዮ እዋን ማለት ሃገርና ትርከቦ ዘላ እዋን ኣይኩናት ኣይሰላም ኣይኮነን ፡ ጸላኢና ነቲ ጥሙር ዝኾነ ስሉስ ሓይሊ ፡ ማለት ህዝብን መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ ክሰግሮን ክስዕሮን ዓቕምን ክእለትን ስለዘይብሉ እምበር ፡ ከምድሌቱን መደቡን ፡ እዚ እዋን ናይ ኲናት እዩ ክኸውን ኔርዎ ኢሉ። እዚ ዝተባህለ ስሉስ ሓይሊ ግን ንኹሎም ዝሰዓሩን ዝስገሩን ዘይመስሉ ወራራትን ብድሆታትን ሽርሕታትን ሰጊሩ ኣብ ዝሓሸን ዝበለጸን ዘተኣማምንን ኩነታት ኣደልዲሉ ዝረግጸሉ እዋን ይርከብ ኣሎ ክብል ገሊጹ። ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝብና ኸኣ ከም ኣካል ናይዚ ጥሙር ሓይሊ ከም ወትሩ ብዝኾነ ኣብ ወጻኢ ዝካየድ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ወራራት ከይተሰናበደ ፡ ኣብ መንጉኡ ኣትዮም ሕንፍሽፍሽ ከእትዉ ዝፍትኑ ኣለልዩ ክንጽሎምን መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ መኸትኡ ከደልድልን ጉቡኣቱ ከማልእን መልእኽቲ ኣመላሊፉ። ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ዝተፈላለዩ ጻዕርታት ክካየደሎም ዝጸንሑ ናይ ምዕባሌ መደባት ድሮ ኣተባባዒ ዝኾነ ውጽኢታት ክህቡ ጀሚሮም ከምዘለዉ ፡ ኮይኑ ግን እቲ ናይ ኩሉ ግዜ ኣገባብ ኣካይዳና ፡ ናብ ምውዕዋዕ ዝዓለመ ዘይኮነ ኣብ ውጽኢታዊ ዝኾነ ግብራዊ ስራሕ ዘድሃበ ስለ ዝኾነ ፡ እዚ ኣይተባህለን እዚ ኣይተጻሕፈን ኢልና ብዙሕ ክንሽገር ከምዘይብልና ፡ እቲ ዘይሚዛናዊ ዝኾነ ናይ ዓለም መድያ ዝዝርግሖ ፡ ኣብ ከባቢታት እከለ እዚ ተበጺሑ እዚ ተገይሩ ዝበሃል ወረታት ኩሉ ግዜ ሓቀኛ ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ኣእቲና ብንቕሓት ክንጓዓዝ ከምዘሎና ኣገንዚቡ። ድሕሪ እቲ ዝተፈላለየ ኣስተምህሮ ዝሓዘለ ሰፊሕ ሰሚናሩ ጀነራል ስብሓት ብህዝቢ ንዝቐረቡሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ብምሃብ ሰሚናሩ ዛዚሙ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፈስቲቫላት ፍሉይ ዝገብሮ ሓደ ምኽንያት ከኣ ፡ ብዝሒ ተሳታተፍቲ መንእሰያትን ህጻናትን ምንባሩ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ በዓል ይገልጹ።

እቶም ካብ ብዙሓት ከተማታት ኢጣልያ መጺኦም ኣብ ሓደ ቅርዓት ተኣኪቦም ነዚ ዓቢ ሃገራዊ ንግደት ክኽብሩ ዝቐነዩ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኢጣልያ 2008 ሎሚ ዓመት'ውን ምድላዋቶም ኣሐይሎም ብፍቕርን ስኒትን እዮም ጸምቢሎሞ። ብፍላይ ይብሉ ተሳተፍቲ ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሃገርና ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን ብሓደ ተዋዲዱ ንቕድሚት ዝስጉመሉ ዘሎ ወቕቲ ፣ ንቐጻሊ ውሕስ መንገዲ ዝጸርግ ሃዋህዉ ምዃኑ ሓጎሶም ብምግላጽ ፣ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ቁጠባዊ ወፍሪ ልምዓት እጃሞም ከበርክቱ ቃል ኣትዮም። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ፣ ስርዓት ወያኔ ንውሳኔ ዶብ ጥሒሱ ልኡላዊ መሬትና ጎቢጡሉ ኣብ ዘሎ እዋን ፣ ንሕና ተቐማጦ ኢጣልያ ወትሩ ድልዋት ኢና ፣ መንግስትና ዝሓተተና ፣ ካብ ናይ ቀደምና ንላዕሊ ኣበርክቶና ከነዕቢ መብጽዓና ከነሐይል ድልዋት ኢና ክብሉ ገሊጾም።

ኣብ መዛዘሚ ቅነ ፈስቲቫል ፣ ኣብ ግጥምታትን ስፖርትን ካልእ ዓውድታትን ዝተወዳደሩን ንጡፍ ኣበርክቶ ዝገበሩ ኤርትትራውያንን ኢጣልያውያንን ተሳታፍነትን ምስክርን ወናጨን ተዓዲሉ። ካብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ መሬት ንሰለስቲኡ ፈስቲቫል ዝተኻየደሉ መዓልታት ፣ ምሸት ምሸት ተሳተፍቲ ብምጽዋት ነቲ በዓል ዝያዳ ማዕርግ ሂባቶ ቀንያ። በዚ ኸኣ ፈስቲቫል ኢጣልያ 2008 ብዓወት ተደምዲሙ።

ኣዳላዊት ሽማግለ በዓላት
ሮማ - ኢጣልያ